ኣርእስቲ፡ “ኤርትራ ብዘመን ባሕሪ-ነጋሲ”
ደራሲ፡ ኣባ ፍራንቸስኮ ኣልቫረዝ (1520)
ተርጓሚ፡ ሃይለ ቦኹረ (1989)

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ: እታ ኣብ ታሪኽ ሃገርና ንኻልኣይ ግዜ ብኮምፒተር ተቀሪጻ ዝወጸትን፡ ኣብ ሙሉእ ዓለም እተዘርገሐትን ትርጉም መጽሓፍ፡- “ኤርትራ ብዘመን ባሕሪ ነጋሲ” ንመዘኻኸሪ ኣብ ፈይስቡክ ከም ዝውጻእኽዋ ዝዝከር ኢዩ። ማዕረ ሓሙሳ ሰባት ገሊኦም ስምዒቶም ከንጸባርቁ (reactions)፡ ገሊኦም ከኣ ነዛ ዝገለጽናያ መጽሓፍ ከገዝኡ ከም ዝደልዩ ሓቢሮም። ዝምስገን ምርጫ (vote) እዩ። ድልየቶም ንምምላእ: እነሆ ንሓሙሻይ ግዜ ተሓቲማ ትወጽእ ኣላ። ንመጀመርያ ግዜ ዝተሓትመትሉ ብሓልዮት ማዕከል ምርምርን ሓበሬታ ኤርትራ/ Research and Information Center of Eritrea (RICE) ኣብ ድሮ ናጽነት ኤርትራ (1989) ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ቦሎኛን፡ ሜዳን፡ ኣሜሪካን፡ ካናዳን ተዘርጊሐ። ብድሕሪኡ ብዮሃና ማሕተም ክልተ ግዜ፡ ብቛንቛ እንግሊዝ ድማ ሓደ ግዜ ተሓትመት። ኣብ መወዳእታ ብሓልዮት ኣሕተምቲ ሕድሪ ብ2013 ኣብ ኤርትራ ተሓትመት። ስለ’ዛ መጽሓፍ ዝምልከት.... ብመስከረም 8/2017 ኣብ ኣስመራ ምስ ኤረ-ተቪ ዝገበርክዎ ቃለ-መጠይቅ ብመጠኑ መግለጺ ሂበ ነይረ።

ድሕሪ 29 ዓመታት ኣብ ዘካየድክዎ ቀጻሊ ምርምር ፡ ስለ’ዛ መጽሓፍ ዝምልከቱ ብዙሓት ሓበሬታትን ጽሑፋትን ክረክብ ክኢለ። ብፍላይ ንመጀመርያ ክትሕተም ከላ ዘይነበረ ኢንተርነት፡ ሎሚ ግና ኣብ ዝገብሮ ምርምር ኣዝዩ ጠቅሙኒ ኢዩ። ስለዚ’ውን እዛ መጽሓፍ ካብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ግዜ ሕታማት ፍልይቲ ዝገብራ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ፡-

1. ብዙሓት ዘይርከቡ ስዕልታትን ካርታትን (rare pictures and maps) ኣለዋ።
2. ብዝተፈላለዩ ቛንቋታት መወከሲታት (references) ተጠቃልል።

3. እርማት ጥንታውያን ዘይፍለጡ ኣስማት ዓድታትን፡ ሰባትን ሳላ ንዳሕራዩ ባርተሎሜዎስ ማለት ንኣልቫረዝ ዓጂብዎ ዝሰፈፈ ብተመሳሳሊ ብምጽሓፉ፡ ከምኡ በኪንግንሃንምን ሃንቲንግፍሮድን ዝተባህሉ እንግሊዛውያን ሊቃውንቲ፡ ነዛ መጽሓፉ ምስ ካልኦት ማዕለያ ዘይብሎም ጥንታውያን መዛግብቲ ብምግንዛብ፡ ብዝበለጸ መግለጺታት ከማሓየሽ ብምግባሮም።

4. ብዶክቶር ዮሴፍ ልብሰ-ቃል፡ ሓላፊ ብሔራዊ ሙዝየም ኤርትራ፡ ስለ'ዛ መጽሓፍ ዝምልከት ኣዝዩ ጠቃምን፡ ንምእራም ዝዕድምን "ገምጋም " ዝተዳለወን፡ ብፍላይ ኣብ በዓል ምርቃ ንተሳተፍቲ ዝተነበን ስለ ዝተወሰኸ።

5. ከምኡ ብተደጋጋሚ ኣድላዩ እርማት (edit) ስለ ዝተገብረላ።

እዛ መጽሓፍ ነገስታት ምድሪ ባሕሪ ቅድሚ 499 ዓመታት (ዳርጋ ሓሙሽተ ዘመናት ምኻኑ እዩ ) ከመይ ጌይሮም ይገዝኡ ከም ዝነበሩ፡ ባህልን ልምድን ህዝብናን ስርዓተ መንበረ-ጵጵስናን፡ ከምኡ ብግዚኡ ዝነበሩን ዘለውን እንሳሳታት ሞሮርን ዕጽዋትን ኣቀማምጣ ምድሪ-ባሕሪን (the Eritrean landscape) ትገልጽ። በዚ ምኽንያት እዛ መጽሓፍ ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ዓለም ተተርጒማን ትትርጐምን ኣላ።

ንመጀመርያ ግዜ ብመጠኑ (limited edition) ንትገደስቲ የሕትምና ኣሎና። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን፡ ብድጋሚ ብርክት ዝበሉ መጽሓፍቲ ከነሕትም ተስፋ ንገብር። ዋግኣ ኣብ ኣሜርካ ምስ መስደዲኡ $20.00 ክኸውን ከሎ፡ ንወጻኢ ግና 30.00 Euro ኢዩ። ንመወከሲ ናብ ከምዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ጽሓፉ፡-

Haile Bokure
P.O.Box 1395
Powder Spring, GA 31207
U.S.A.

ኣታዊ ካብዛ መጽሓፍ ን " ንምስላታትን ሕንቅልሕንቅልተይን ብሄራት ኤርትራ" ንምሕተሚ ክውዕል ኢዩ። ስለ ድልየት ወይ ጠለብ ኣንበብቲ ንምምላእ ቃል ዝኣቶና።

የቀንየለይ
ሃይለ ቦኹረ